# ፩ይ ዘክረምት ዘአሠርግዎ

## ሓምለ 2 2015 ዓ.ም. (July 9, 2023)

**መዝሙር፡** አሠርገዎሙ ለሓዋርያት... ደመናታት ቃሉ ይሰምዑ፡ ብትእዛዙ ዝናም የውርዱ፡ ንሱ ንዕረፍቲ ሰንበት ሠርዓልና ነቲ ዝናም ዝህበናን ሰላም ዝጸገወናን ነመስግኖ ንዝምረሉ አምላኽ ምሕረትን አብ ዓዓመቱ ክረምቲ ይኸፍት ደመናታት ከአ ቃሉ ይሰምዑ እዮም።

**ንባባት፡** 2ጢሞ 4፡1-22፥ 2ጴጥ 1፡12-18፥ ግ.ሓ. 23፡10-35፥ ሉቃ 6፡1-20።

**ምስባክ፡** አልቦ ነገር ወአልቦ ነቢብ ዘኢተሰማዓ ቃሎሙ፥ ውስተ ኩሉ ምድር ወጽአ ነገሮሙ፥ ወእስከ አጽናፈ ዓለም በጽሐ ንባቦሙ። ዘይተገብረን ዘይተሰምዐን የለን፥ ድምፆም ናብ ኩላ ምድሪ፥ ቃላቶም ድማ ኽሳብ ኲላ ዓለም በጽሐ መዝ. 19፡4።`

፩ ሓምለ አብ ሰንበት እንተ ወዓለ አሠርገዎሙ ለሓዋርያት ዝብል መዝሙር ይዝመር።

ኩሉ ዘሎና ካብ አምላኽ ዝተዋህበና እዩ። አምላኽና ፈቃር አምላኽ ስለ ዝኾነ ንፍጡራቱ ኩሉ ጊዜ ጸጋን በረኸትን ክዕድሎም አፍደገ ምሕረቱ ክፉት እዩ። አብ ርድኢት እምነትን አቦታትናን ኩሉ አምላኽ ስለ ዝህበና ክንልምኖ ክነመስግኖ ከምዝግባእ አብ ኩሉ ሥርዓት አምልኾና ንረኽቦ። አብ ዓድና ዝናም እንተ ደንጎየ ከምኡ እንተ በዝሐ አብ ኢድ አምላኽ ስለ ዝኾነ ንአምላኽ ክምህለሉ ንርኢ። ንኹሉ አብ አምላኽ አምቢርካ ምንባር። እዚ ሃብታም ጸጋ ባህልናን እምነትና አብዚ ህርፋንን ግፍዕን ዝመልአ ዓለምና ከም መድህን መገዲ ክንጥቀመሉ ምሓገዘና። ሰብ ሎሚ ንኹሉ ባዕለይ ዝገበርክዎ እዩ አብ ርእሰይ ተመርኲሰ ክነብር አሎኒ ዝበል መንፈስ አንጊሱ ንአምላኽ አጸጊዕናዮ ንርከብ። መዝሙርና እምብአር አብቲ ምንጪ ሕይወትናን ናብራንን ዝኾነ ኢየሱስ ቀሪብና ሎሚ እውን ንማህለል።

**አብ ናይ ሎሚ ወንጌል ሰለስተ ነገራት ይነግረና።**

1. **ትርጉም ሕግን ስርዓትን።**

   ኩሉ ሕጊ ጥቕሚ አልኦ ወይ ክንእዘዞ አሎና ክንብል አይንኽእልን ኢና። ኢየሱስ ምስ ሓዋርያቱ ብማእከል ዘራእቲ ክሓልፍ እንከሎ ሓዋርያት ብመዓልቲ ሰንበት ከም ስርዓት አይሁድ ክገብርዎ ዘይግብኦም ስለ ዝገበሩ መራሕቲ ሃይማኖት ወቒሶሞም። ነዚ መልሲ ክህበሉ እንከሎ ኢየሱስ አብ ፩ሳሙኤል 21፡6 ዘሎ እናጠቐሰ መልሲ ይህቦም። ዳዊት ምስ ብጾቱ ምስ ጠመየ አብ ቤት መቕደስ አትዩ ንካህናት ጥራሕ ዝግባእ መግቢ ከምዝበልዔዶ አይትፈልጡን ኢኹም እናበለ ይምልሰሎም። አብ ሕጊ አይሁድ አብ ነፍሲ ወከፍ ሰንበቶም 12 ሓዲስ ህብስቲ አብ ቅድስተ ቅዱሳን አብ መአዲ ቤተ መቕደስ የቕርቡ። ካብዚ ክበላሾ ዝቐረበ ብካህናት ጥራሕ ይብላዕ። ካልእ ምእመን ክበልዕ አይፍቀዶን እዩ። ከምቲ ዳዊት ልዕሊ ሕጊ ንነፍሱ ዝሰርዐ እሞ ነቲ ካህናት ጥራሕ ዝበልዕዎ ዝበልዐ እሞ ንርእሱን ንብጾቱን ዘድሓነ ከምኡ ሓዋርያት ከአ አንጻር ሕጊ አይ ገበሩን ኢልዎም።

   ኢየሱስ ልዕሊ ሕጊ እዩ ወዲ ሰብ ጎይታ ሰንበት እዩ። ኢየሱስ ሰብ ዝሓገጎ ሕጊ ከፍርሶ ስልጣን አልኦ። እዚ ግን ንዝኾነ ነገር ከምድላዩ ይለዋውጦ ማለት አይኮነን። ኢየሱስ አንጻር ዝኾነ ሓቅን ንኹሉ ዝጠቅም ጽቡቕ ነገር አይከይድን እዩ። ንሱ ምስ አብኡ ምንጪ ሓቅን ኩሉ ጽቡቕን እዮም።

   ንሕና እንገብሮ አንጻር ሓቅን ጽቡቕ ነገርን ክሳብ ዘይኮነ ሕጊ አይንጥሕስን ኢና። ንስለ ሕጊ እንገብሮ ነግር ክጠቕመና አይክእልን እዩ። ኩሉ ሕጊ ንአገልግሎት ሰብ እዩ ተሓጊጉ። ካብ ሕጊ አምላኽን ሕጊ ሰብን ከይንወጽእ ብሕልና ክንነብር አሎና። ሕጊ

ኣኽቢርካ ምኻድ ሰላም ቅሳነት ይህበና። ካብ ዝነኣሰ ክሳብ ዝዓበየ ንሕጊ ክንእዘዝ ኣሎና። ሕጊ እንተ ዘየሎ ብዙሕ ይጎድል። ሓለውቲ ሕጊ ንሕና ኢና። ሕጊ ዘይብሉ ህዝቢ ጨው ዘይብሉ መግቢ ዝብሃል ሓቂ እዩ።

## 2. ሰንበት ምእንቲ ሰብ እያ ተፈጢራ።

ሉቃስ ኣብ 6፡6-11 ካልእ ፈተናን ብመዓልቲ ሰንበት ንኢየሱስ ዝቐረቦ ይነግረና። ኣብ ቤተ መቕደስ ኣትዩ እናመሃረ እንከሎ ኣብ ቅድሚኡ ካብ ትውልዱ ኢዱ ዝለመሰት ሰብ ርእዩ። ኣብ መንጎ እቶም ሰማዕቱ ፈሪሳውያንን ጸሓፍቲ ሕግን ብመዓልቲ ሰንበት እንተ ኣሕወዮ ክርእዩ ይዕዘብዎ ነሮም። እዚ ኸኣ ንሕጊ ከምዘፍረሰ ክኸስዎ ኢሎም እዮም። ኣብ ሕጊ ኣይሁድ ሕክምና ወይ ፈውሲ ብመዓልቲ ሰንበት ምጥቃም ክልኩል እዩ ነሩ ምኽንያቱ ጊዜ ስለ ዝወስድ፥ ኣብ መዓልቲ ሰንበት ዝኾነ ካልእ ነገር ከይገብሩ ክልኩል እዩ። ኢየሱስ ክሕውዮ ጊዜ ኣይወሰደሉን እንተኾነ እቲ ምሕዋይ ንባዕሉ ኣንጻር ዕለተ ሰንበት ስለ ዝኾነ ከም ሕጊ ምፍራስ ተራእዩ። ብኻልእ ወገን እዚ ሰብ እዚ መልበስቱ ዝህውኽ ኣይነበረን ክሳብ ንጽባሒቱ ክጽበ ጸገም ኣይነበሮን ስለዚ ከሕውዮ ኣይነበሮን። ኢየሱስ ግን ኩሉ ዝብሃልን ዝሕሰብን ዝነበር ይፈልጦ ነሩ። ብቐጥታ ነቲ ሰብኣይ ይዛረቦ ተንስእ ይብሎ። ተንሥእ ክብሎ እንከሎ ድሮ ኣብቲ ሰብ ሓዲሽ ሕይወት ከምዝተዋህቦ ይገልጽ። እዚ ኢየሱስ ዝገበሮ ኣብ ቅድሚ ኩሎም እዩ። ስለዚ ንኹሎም ብመዓልቲ ሰንበት ጽቡቕ ምግባርዶ ይሓይሽ ወይስ ሕማቕ ምግባር ይሓይሽ። ሕይወት ምድሓንዶ ወይስ ክትጠፍእ ሱቕ ኢልካ ምጥማት። ንፈሪሳውያንን ጽሓፍትን ግን ሕጊ ምኽባርዶ ወይስ ምፍራሱ ይሓይሽ ዝብል እዩ እቲ ሕቶ። ንኣኣቶም ሕጊ ክኽብር ኣልኦ ወላ እታ ንእሽቶ ፊደል ናይ ሒጊ እውን ክትፈርስ የብላን። ኣብዚ እንርእዮ ፍልልይ ኢየሱስ ሕይወት ክሃንጽ ይጽዕር ንሳቶም ግን ሕይወት ከዕንዉ ንርእዮም። መን እዩ ሰንበት ዘፍርስ ዘሎ።

ኣብዚ እውን ኢየሱስ ሕጊ ንሰብ ከገልግል እምበር ሰብ ንሕጊ ከገልግል ከም ዘይ ተፈጥረ ይነግረና። ሕጊ ንዝኾነ ሓቂን ጽቡቕን ነገር ኣይጻረርን እዩ። ኣብ ገለ እዋን ንሓቅን ንጽቡቕ ነገርን ክንክተል ከሎና ንፍደል ሕጊ ክነፍርስ ይክኣል እዩ። ኩሉ ሕጋዊ ዝኾነ ነገር ሞራል ኣልኦ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩንታት ንሕጊ ክትእዘዝ ከሎኻ ሕማቅ ወይ ክፉእ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ገለ እዋን እቲ ሞራላዊ ነገር ልዕሊ ሕጊ ክኸውን ስለ ዝኽእል ንሕጊ ክጻረሮ ይኽእል እዩ።

ኢየሱስ ብቐጥታ ነቲ ልሙስ ኢድካ ዘርግሓያ ይብሎ ኢዱ ኸኣ ብምሉእ ሓውያ። ፈሪሳውያንን ጸሓፍትን ተቐጢዖም ኣንጻሩ ክከስዎ ይጅምሩ። እቲ ዝገበሮ ሰናይ ነገር ዘይኮነ ኣብ ክፍኣቶም ተሪሮም ንኢየሱስ ክኸስዎ ንርኢ።

እዚ ናይ ፈሪስዋያን ጸሓፍትን ነገር ኣብ ሕይወትናን ሕይወት ቤተ ክርስትያንን ብዙሕ ጊዜ ክንርዮ ንኽእል። ኣብ ገለ እዋናት ጽቡቕ ክንገብር ከሎና ኣንጻር ሕግን ባህልን ክንከይድ ንኽእል ኢና። ኣብ መጻወድያ ናይ ዘመና ፈሪሳውያን ክንወድቕ ንኽእል ኢና። ኣብ ንኣሽቱ ነገራት ኣተኩርና ከምዚ ክኸውን ኣለዎ እዚ ስለምንታይ ፈሪሱ እናበልና ኣብ ባህሊ ጥራሕ ነቶክር እሞ ዓቢ ነገር ከም ዝጎደለ ገርና ንሓስብ። እንተኾነ ኣብቲ ኣምላኽ ዘይደልዮ እምበር ኣብቲ ንሰባትን ንስለ ሕግን ባህልን ዝኽበር ነገራት ክነተኩር የብልናን።

## 3. ሕርየት ሓዋርያት ሕርየት ኩልና እዩ።

ሉቃስ ብምቕጻል ኣብ ዓሚቕ ትእምርቲ ዘለዎ የእትወና። ኢየሱስ ኣብ እምባ ከይዱ ኣብኡ ምሉእ ለይቲ ክጽሊ ከም ዝሓደረ ይነግረና። ገለ እንታይ ኢሉ ይጽሊ ነሩ ኾን ኢልና እንሓስብ ንህሉ ንኸውን። እዚ ሕቶ ጸሎት እንታይ እዩ ናብ ዝብል ክመርሓና ይኽእል። ጸሎት መጀምርታን መወዳእታን ናይ ኩሉ ምስ ኣምላኽ ርክብ ምግባር እዩ። ስለዚ ኢየሱስ ብዙሕ ጊዜ ምስ ኣብኡ ከሕልፍ እንተ ተራእየ ከገርመና የብሉን። ኣብ ኩሉን ልዕሊ ኹሉን ድላይን ፍቓድ ሰማያዊ ኣብኡ ምፍጻምን እዩ። ጸሎት ሓደ ካብቲ ምስ ድላይ ኣምላኽ ሓደ ከም ዘሎና መግለጺ እዩ።

ሉቃስ ልዕሊ ኩሎም ወንጌላውያን ኢየሱስ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ጸሎት የሕልፍ ከም ዝነበረ ይነግረና። ቅድሚ ዓቢ ነገር ምግባሩ መጀመርያ ጸሎት ይገብር ከም ዝነበረ ይነግረና።

ጸሎቱ ምስ ወድኤ ነቶም አርድእቱ ጸዊዑ ካብኦም 12 ሓዋርያት መሪጹ። ካብቶም ዝስዕብዎ ዝነበሩ አሰብኡት አንስቲ ከም ዝነበሩ እሞ ይኽተልዎ ከም ዝነበሩ ብትምህርቱ ይስዕብዎ ከምዝነበሩ ይሕብረና። አብ ካልእ ክፍሊ ወንጌል 72 አርድእቲ በብኽልተ ነቲ ንሱ ዝገብሮ ክገብሩ ከም ዝልአኾም ነንብብ። ድሕሪ ዕርገቱ 120 ዝኾኑ ንምውራድ መንፈስ ቅዱስ ይጽበዩ ከምዝነበሩ ነንብብ። ካብዚኦም እዩ ነቶም 12 ሓዋርያት ዝመረጸ። ንፍሉይ ተልእኮ ነቲ ንሱ ዝገብሮ ዝነበረ ክገብሩ መሪጽዎም። ወላእኳ እቲ መስርዕ ይፈላለ እምበር ኩሉ ጊዜ ጴጥሮስ መጀመርያ ከምኡ ይሁዳ መጨረሽታ ይጽውዑ። አብ ገለ እዋን ሓዋርያን (apostle) ረድእን(disciple) ንሓዋውሶ። ረድእ ንኹሎም ነቶም ሕይወቶም ንኢየሱስ ክኸተሉ ሕይወቶም ዘወፈዩ የስምዕ። ረድእ ዝብል ቃል ካብቲ ምምሃር ዝብል ቃል እዩ ዝመጽእ። አርድእቲ አብ ትሕቲ መምህር ኮይኖም ካብኡ ይምሃሩ። እቶም ተመሃሮ ንመምህሮም ረቢ ወይ መምህር ኢሎም ይጽውዕዎ።አርድእቲ ተቐበልቲ ሓልፍነት ዘይብሎም ዝሰምዑ ዝምሃሩ ጥራሕ እዮም። ሓዋርያ፥ ብዝያዳ አብ ተልእኮ ዝሳተፍ የስምዕ። ንሱ ወኪል ኮይኑ ነቲ ዝልአኾ ወኪሉ ብምሉእ ሓላፍነት ይሰርሕ። ሓበሬታ ወይ ትእዛዝ ወይ መምርሒ ንካልኦት አብ ክንዲ እቲ ዝልአኾ ኮይኑ የመሓላልፍ።

- **ሓዋርያ፡** አብ ወንጌል ሓዋርያ (Apostle) ነቶም 12 ብኢየሱስ ንተልእኮኡ ከመሓላልፉ ዝተመርጹ ጥራሕ የስምዕ። ኢየሱስ ካብኦም ምስተፈልየ ንሳቶም እምነ መሰረት ናይ እታ ሓዳስ ማሕበር ኮይኖም። አብኦም እቲ ሓቀኛ መልእኽቲ ይመሓላለፍ። ንሳቶም ጥራሕ እዮም ነቲ ቀጺሉ ዝስዕብ ምዕባሌን ኩነትትን ክቱርጉሙ ሓላፍነት ዘለዎም። ንሳቶም እቶም ሎሚ "Magisterium" ማለት መማህርና ሓለፍቲ ሰብ ስልጣን፥ አሕሉቕ ንሓድነት መልእኽቲ ኢየሱስ ሓላፍነት ካብኡ ዝተቐበሉ ከምኡ ንኹሉ ዝንስዩ እዮም።

  አብዚ አብ ኩሉ ዝርዝር አስማቶም ክንገር እንከሎ ስምያን ድሓር ጴጥሮስ ዝተባህለ ብቐዳምነት ይጽዋዕ።(አብ ማቴ 16፡18 እቲ ምቕያር ስም ናይ ጴጥሮስ ድሕሪ እምነቱ ምግላጹ ይጅምር። አብ ኩሉ ዝርዝር አስማት ፍልልይ ንርኢ። በርተሌሞስ ተባሂሉ ዘሎ አብ ዮሓንስ ብናትናኤል ይፍለጥ (ዮሓ 1፡45) ምስ ፍሊጶስ ዝብል እውን ይተሓሓዝ እዩ። ማቴዎስ ምስቲ ሌዊ ዝብል ይማሰል (ማር 2፡13ፍ)። ያዕቆብ ወዲ እልፍዮስ ተባሂሉ ዘሎ ምስቲ ያዕቆብ ንኡስ ተባሂሉ ዘሎ እዩ ንሱ ሓዊ ዮውሓንስ አይኮነን (ማር 15፡40)። እቲ ካልእ ስምያን **ቀናእ** ተባሂሉ ይፍለጥ፥እዚ ነቲ ዝነበሮ ናይ እምነት ቅንአት ወይ ከአ አባል ናይ እቶም ብአይሁድ **ቀንአት** ተባሂሎም ዝጽውዑ አንጻር መግዛእቲ ሮማ ዝቃለሱ ዝነበሩ አባል ነሩ ከምዝነበረ ንምግላጽ ክኸውን ይኽእል። ይሁዳ ውዲ ያዕቆብ ካልእ ስም ናይ ታዴዎስ እዩ ( ማቴ 1፡3፥ ማር 3፡18)። አብ ገለ እዋን ከአ ካብ ይሁዳ ዝኸሓዶ ክፈልይዎ ጁድ ይብልዎ። ይሁዳ አስቆሮታዊ ዘብሎ ካብ ቀሪዮዝ ( Kerioth) እትብሃል ከተማ 19 ኪሜ ደቡብ ካብ ሄብሮን አብ ብሉይ ኪዳን አብ ኢየሱ 15፡25፥ ኤርምያስ 48፡24 ተጠቒሳ እንርኽባ ካብአ ከም ዝመጸ ንምምልካት እዩ።

  **ካልኦት እውን ሓዋርያት ተባሂሎም ይጽውዑ ነሮም።**

  ሓደ ካብቶም 12 ክሒዱ አሕሊፉ ኸአ ሂብዎ፥ ይሁዳ ብማትያስ ተተኪኡ ሓደ ካብቶም ሓዋርያት ተቖጺሩ። ጳውሎስ እውን ንኢየሱስ ድሕሪ ትንሣኤኡ ርእይዎ ዘይፈልጥ ንኢየሱስ ብምእማኑ ሓዋርያ ይጽዋዕ። አብ ሓዲስ ኪዳን ንውሑዳት ካልኦት ሓዋርያ ዝብል ስም ይውሃቦም ንአብነት ባርናባስ ብጻይ ቅዱስ ጳውሎስ አብ ተልእኮኡ ሓዋርያ ይብሃል። እዚ ዝስም ነቶም 12 ጥራሕ ዝተሓዝኤ ከም ዘይኮነ ንርኢ።

- **ሓውርያ ንኹሉ ዝተጠምቀ ክርስትያን የስምዕ።**

  ኩልና በዚ ወይ በቲ ናይ ወንጌል መልእኽቲ ክነመሓላልፍ እሞ ካልኦት ሰሚዖም ከም ዝምልሱ ክንገብር ትሑዛት ኢና። እዚ ኸአ ብዝተፈላላለየ መገዲ

ክንገብሮ ንኽእል። ሰማዕቲ ጥራሕ ዘይኮና ሰበኽቲ ክንከውን ኣሎና። ተቐበልቲ ጥራሕ ዘይኮና ውሃብቲ ክንከውን ኣሎና።

ድሕሪ ነቶም 12 ክልተ ምስ ሓረየ ናይ ቅዱስ ሉቃስ ቅዳሕ ናይ ኢየሱስ ኣብ ጎቦ ዘስተምሃሮ ብዛዕባ ብጹኣን እዩ ዘዘንትወልና፥ ንሱ ነቲ ትምህርቲ ኣብ ጎልጎል ኣብ ትሕት ዝበለ ኣብ መንጎ እቲ ኹሉ ህዝቢ ከምዝሃቦ ገሩ እዩ ዘቕርበልና። ስለዚ ናይ ሉቃስ ጽሑፍ ገለ እዋን ስብከት ኣብ ጎልጎል ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ ትሕትና ኢየሱስን ኣብ ህዝቢ ዝነበሮ ቅርበትን ንምሕባር ዝኾነ እዩ ዝመስል። ማቴዎስ ኣብ ጎቦ ከም ዝኾነ ጌሩ እዩ ዘቕርቦ እዚ ኸኣ ዝያዳ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ባህሊ ከልብሶ ስለ ዝደለ እዩ። ጎቦ ኣብ ርድኢት ቅዱስ መጽሓፍ ቦታ እግዚኣብሔር ኣብኡ ርእሱ ዝገልጸሉ ከምኡ ምሕረት ዝርከቦ ቦታ እዩ። በዚ ገዳማት ኣብ ጥንቲ ኣብ ጎቦታት እዮም ተደኵኖም። ቤተ ክርስትያን ኣብ ሓፍ ዝበለ ቦታ ይሕነጽ። ናይ ኩሉ መሰረት ኣምላኽ ኣብ ሓፍ ዝበለ ቦት ይርከብ ካብ ዝብል ርድኢት እዩ።

ኢየሱስ በርድእቱን በቶም ዝሓረዮም ሓዋርያቱን ብዙሕ ህዝቢ ካብ ይሁዳን ኢየሩሳሌምን፥ ካብ ጢሮስን ሲዶናን ኣይሁድን ኣይሁድ ዘይኮኑን ተኸቢቡ እዩ ዝሰብክ ዝነበረ። ኩሎም ንኡኡ ክሰምዑን ክምሃሩ ክሓውዩ ዝደልዩን እዮም ነሮም። ኩሎም ብኣካል ክትንክፍዎ ይደልዩ ነሮም ምኽንያቱ ካብኡ ሓይሊ ይወጽእ ነሩ ንብዙሓት ከኣ ምሕረት የውርደሎም ነሩ።

ሎሚ እምብኣር ኩላትና ነዚ ዝሰማዕናዮ ቃል ኣምላኽ ኣብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ክንርእዮ እሞ ኣብ ልብና ተመሊስና ንኢየሱስ ቀሪብና ክንልኣኾ ክንሰምዖ ከም ዘሎና ክንሓስብ እዩ። ኢየሱስ እንተቐረብናዮ እዩ ዝቐርበና እንተ ሰማዕናዮ እዩ መልሲ ጸሎትናን ድላይናን ዝህበና።

፩ይ- ንመጸዋዕታ ኢየሱስ ኣርድእቲ ክንከውን ንስማዕ። ብምሉእ ኣብኡ ዝተወፈና ብምሉእ ምስ መልእኽቱ ዝተወሃሃድና ክንከውን እዩ ሕርየትና። ኩልና ኣብ ወንጌል እንኣምን ጸዋዕታና እሙናት ተኸትልቲ ክርስቶስ ምዃን እዩ። ብጸጋ ጥምቀት ፍሉይ ጸጋ ተዓዲልና ኣብ ኩሉ ሕይወትና እምነትና ክንምስክር። ሎሚ እምነተይ ደስኪሉ ከይህሉ ክበራበር ከም ዘሎኒ ሕልናይ ክበራብር ንኻልኦት ኣሕዋተይ ከኣ ሰማዕቲ ክገብሮም ሓላፍነት ኣሎኒ ዝብል መንፈስ ኣባይ ክርከብ ኣለዎ።

፪ይ- ወንጌል ክንሰብኽ ሓላፍነት ክንወስድ እዚ ኸኣ በቲ ሕይወትና ዝምርሖ መገዲ ክንገብሮ፥ ማለት ብኣዘራርባናን ምስ ሰባት ኣብ እንገብሮ ርክባትን ክኸውን ይኽእል። ስብከተ ወንጌል ነቶም ብሕይወቶም ዝተወፈዩ ጥራሕ ዝሕደግ ጉዳይ ኣይኮነን ኩሉ ወዲ ክርስትና ሰባኺ ወንጌል እዩ። ከምቲ ብእዋናት ክረምቲ ዘርኢ እንዘርእ ኩሉ ጊዜ ኣብ ሕይወትና ኣብ ገዛና ስራሕና ኣብ ኩሉ ሰበኽቲ እምነትና ክንከውን ንሕማቕ ደፊርና ክንቋወሞ ይግብኣና። ሎሚ እምብኣር ኣነስ ሰቢኸዶ እፈልጥ ክንብል ሕልናና ንሕተት። ካልኦት ክሰብኩልና ካልኦት ጥራሕ ንጥምት እንተሎና ክንወድቕ ክንክሕድ ቀሊል እዩ።

፫ይ- ሎሚ እውን ኣብ ኢየሱስ ቀሪብና ንተንክፎ ሽዑ ምሕረቱን ጸጋ ሓይሉን ክንቅበል ኢና። ኢየሱስ ክንትንክፎ ኣብ ጥቓኡ ኮና ሕሹክታኡ ክንሰምዕ ነፍስ ወከፍና ንዘሎና ጉድለት ተኣሚና ምሓረኒ ክንብሉ ይግብኣና። ከም ሰባት መጠን ነናትና ድኽመት ኃጢኣት ኣሎና እሞ ኣብ ኢየሱስ ቀሪብና ተዓረቕና ንበሎ። ንሱ ኩሉ ጊዜ ኣፍደገ ምሕረቱ ምስ ከፈተልና እዩ። ኣብ ኣምላኽ ንምቕራብ ደፋራት ንኹን።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ